
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.255 | ሓሙስ 25 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሓጺር ዝኽሪ ህይወት ሓርበኛ ወይዘሮ ኣዳነሽ በርሀ


ገጽ 4
ቻይና፡ ካብ 'ፍወሳ ብነውጺ' ከመይ ኣምለጠት፧


ገጽ 5
ማሕለና "ስጋ ሰዉኣት"

ገጽ 11
'ሕማቕ ሰሙን' ዘሕለፈ ሮናልዶ፡ ልዕልናኡ ኣረጋጊጹ


## ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዲጋ ቶኮር ልምዓታዊ ንጥፈታት ንዘሰላስሉ ዘለዉ እንግዶት ወዲቡ



ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዲጋ ቶኮር ሓድሽ መመንጨዊ ማዕከን ኣብ ምውዳድ ተዋፊሮም ዝለዉ ኣባላት ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ሓይልታት ምክልኻልን፡ ብ23 ሰነ ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ወዲቡ።

ሓላፊ ምውህሃድ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎን ክፍሊ ማይን ማእከል ካርታን ሓበሬታን ጆሜትራ ጌታቸው መርሃጸዮን ብዛዕባ'ቲ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 24 ዓመታት ዕድመ ዘለዎ ዲጋ ቶኮር፡ መጨንገዒ ፖምፓታቱ ብምእራግ ኣብ ዕደላ ማይ ጸገማት ከጋጥም ምጽንሑ ብምሕባር፡ ብሓድሽ ንምትካኡ ሓያል ጻዕሪ ክካየድ ከምዝጸንሐ ኣፍሊጡ።

ማይ ሂወት ስለዝኾነ፡ ሕጽረት ኣብ ዘጋጥመሉ ዝሀሉ ጸቕጢ መዳርግቲ ከምዘይብሉ ዝጠቐሰ ጆሜትራ ጌታቸው፡ ዝጸንሐ ብድህ ፃታት ንምቅላል መንግስቲ ብልዑል ወጻኢታት ሓደስቲ ፖምፓታት ምስ ሓደስቲ ጀነሬተራት ብምውዳድ ንስራሕ ድሉው ከምዝገበረ ገሊጹ።

ዲጋ ቶኮር እንተመለኣ ሩባ ቶኮር ንምስጋር ክኸስት ዝኽእል ጸገም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ 12 ሜትሮ ዝነውሓቱ ሓድሽ ቢንቶ ብምህናጽ ንኣገልግሎት ድሉው ኮይኑ ከምዝሎ'ውን ሓቢሩ።

ኣብ መውዳእታ፡ ምትካል ናይ'ዚ ሓድሽ መመንጨዊ ፖምፓታት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንዝጸንሐ ሕጽረት ማይ ኣብ ሓጺር እዋን ክፈትሖ ዘለዎ እምነት ብምግላጽ፡ ኣብ ዓወት ናይ'ቲ ስራሕ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት መጉሱ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ ብወገኑ፡ ቀረብ ማይ ናብ ህዝቢ ቡቲ ዝድለ መጠን ከይበጽሕ ክዕንቅፉ ካብ ዝጸንሑ ብድሆታት እቶም ቀንዲ፡ ዋሕዲ ናብ ዲጋታት ዝኣቱ ማይን ተደጋጋሚ ምብልሻው መጨንገዒ ፖምፓታትን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ንምፍትሑ ዝወሰዶ ዕቱብ ተበግሶ ኣብ ደረጃ ምዝዛም ምብጽሑ ገሊጹ።

ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል ነቲ ዝዕመም ዘሎ ስራሕን ገስጋሱን ኣብ ዝተዓዘቡሉ፡ ብኽኢላታት መብርሂ ተዋሂብዎም።

ካብ 1998 ክሳብ 2002 ዝተሃንጸ ዲጋ ቶኮር፡ 14 ሚልዮን ሜትሮ ኩቦ ማይ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ኣለዎ።

## መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣብ ኢጣልያ፡ ጀርመንን ነዘርላንድስን ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ

ኤርትራውያን ነበርቲ ኢጣልያ፡ ጀርመንን ነዘርላንድስን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ኣብ ዝወደብዎ መደባት ዝኽሪ ሓበን፡ ንመሰነዪ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን መናበዪ ስድራ ስዉኣትን ዝውዕል ገንዘባዊ ኣበርክቶ ገይሮም።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ነበርቲ 17 ከተማታት ኢጣልያ፡ ሽምዓ ብምውላዕን ናይ እግሪ ጉዕዞ ብምኪያድን ሰማእታቶም ኣብ ዝዘከሩሉ፡ 39,811 ዩሮ ንምስሳን ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣበርኪቶም።

ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሃጽዮን ጴጥሮስ ነቲ ዕለት ዝምልከት መልእኽቲ ኣቕሪቡ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ጀርመን በብከተማኦም ኣብ ዘካየድዎ - ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ምብራህ ሽምዓ፡ ከምኡ'ውን ንርዝነት 20 ሰነ ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዘጠቓለለ ስነ-ስርዓት፡ መብጽዓኦም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ኣሐዲሶም።

ኣብ ከተማ በርሊን፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የሃንስ ወልዱ፡ 20 ሰነ - ሕድሪ ሰማእታትና ብስራሕ ንምትርጓም ቃልና እነሐድሰላ ዕለት ምዃና ብምጥቃስ፡ ከሉ ዜጋ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ድማ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይሉ፡ ሕድሪ ሰማእታት ጾር ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ 13 ከተማታት ነዘርላንድስ በበወገኖም ኣብ ዝወደብዎ ናይ ዝኽሪ መደባት፡ ንመሰነዪ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን መናበዪ ስድራ ስዉኣትን ዝውዕል 44,485 ዩሮ ኣበርኪቶም።

ኣብ ኣምስተርዳምን ሮተርዳምን ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ቈንስል ኤርትራ ኣቶ ክብረኣብ ተወልደ ከምኡ'ውን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኢሳቕ ምናሴ ኣብ ዘሰምዕዎ ቃል፡ ጀጋኑ ስዉኣትና ኣብ እንዝክረሉ፡ ትግባረ ዘሰኮሙና ሕድሪ ክንግዕምግዕምን ቅሩብነትና ደገምና ከረጋግጽን ከምዝድሊ ገሊጾም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ዊኒፐግ - ካናዳ ብ21 ሰነ ኣብ ዝወደብዎ መደብ ዝኽሪ ሓበን ድማ፡

ስድራ ሰማእታት ንምሕብሓብ ዝውዕል ልዕሊ 3,500 ዶላር ካናዳ ወፍዮም።



## ደቀምሓረ - ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ህዝብን ተመሃሮን ዘዋጸእዎ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ፡ ኣብ 18 ምምሕዳራት ከበቢ ንዝርከብ ስድራ ስዉኣት ተዓዲሉ።

እቲ ገንዘብ፡ 258,890 ናቕፋ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ 243,270 ናቕፋ ብህዝቢ፡ 19,272 ናቕፋ ድማ ብተመሃሮ ዝተዋጽአ'ዩ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ንስድራ ስዉኣት ዓይነታዊ ደገፍ ከምዝተገበረ'ውን ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣበራ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንስድራ ሰማእታት ምድጋፍ፡ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ዜና

# ነበርቲ ዓዲ-ገብራይን ዓዲ-ከፈለትን፡ 15 ክፍልታት ዘለዎ መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት ይሰርሑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ - ነበርቲ ዓዲ-ጉብራይን ዓዲ-ከፈለትን ብዘበገሶኦም 15 ክፍልታት ዘለዎ መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት ይሰርሑ ኣለው።

እዚ ኣብ መደበር ጥዕና ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ጉብራይ ዝሰኣሰል ዘሎ ህንጻዊ ስራሕ፡ ድሮ 75 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኑቲ ዕማም ዝከታተሉ ዘለዉ ገሊጾም።

ኣካይዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ጉብረየሱስ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ መደበር ጥዕና ዓዲ-ጉብራይ ንዓድታት ዓዲ-ጉብራይ፡ ዓዲ-ከፈለት፡ ዓዲ-ከልከልቲ፡ ዓዲ-ሃለ፡ ዓዲ-ሰልዳይት፡ ዛውል፡ ጣላን ብምብቃዕን ኣገልግሎት ከምኡ'ትሁብ ብምሕባር፡ እቲ ህንጻ ንኸዛዘም ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ካብኡ ዝሕተት ደገፍ ከምዝገብር ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ዶ/ር ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ኑቲ ተበግሶ ንዝወሰዱ ነበርቲ የመስግኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ ሞያውያንን ናውቲ ጥዕናን ጠለባት ንምምላእ ድልው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።



## ሰንዓፈ - ኣብ ማይ-ጎዱፍ፡ ናይ ሓመድ ጸርግያ ይጽገን ኣሎ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ጎዱፍ - ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ ቀንዲ ጸርግያ ናብ ዓድታት ዓናንን ማርታን ዝኣቱ 7 ኪሎ-ሜተር ናይ ሓመድ ጸርግያ ብህዝባዊ ወፈራ ይጽገን ኣሎ።

ነበርቲ ሸዱሽተ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ጎዱፍ፡ ንተሸከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ ናይ ሓመድ ጸርግያ፡ ቢንቶታትን ካናለታት ማይን ኣብ ምስራሕ፡ ምጽጋንን ምጽፋሕን ይካየዱ ከምዘለዉ፡ ዝሓበረ ኣማሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ዓብዱ ኣሕመድ፡ እቲ ጸርግያ፡ በረኻን ኣኻውሕን ጥውይዋይን ዝበዝሖን ስለዝኾነ፡ ዓመታዊ ብህዝባዊ ወፈራ'ኳ ክጽገን እንተጸንሐ፡ ወጽኢት ክረክቦ ከምዘይተኻእለ ብምሕባሩ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብዝገበሮ ናይ ሰሚንቶ ሓገዝ 6 ቢንቶታት ይህነጽ ብምህላዉን መሰረታዊ ፍታሕ ከምዝረከቦ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ናይ`ቲ ማእቶት ብወገኖም፡ ናብ ዓደም ዘእቱ ጥጡሕ ናይ ሓመድ ጸርግያ ብዘይምህላዉ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም ብፍላይ ድማ ሕክምናዊ ሓገዝ ዝደልዩ ሕሙማትን ነብሰ-ጾራትን ናብ ትካላት ጥዕና ብቐሊሉ ንምብጻሕ ክሽገሩ ምጽንሖም ጠቒሶም፡ ንዘዩዳ ወጽኢታውነቱ ናይ ማሕበራ ሓገዝ ከበርክቱ ሓቲቶም።

ምምሕዳር ከባቢ ማይ-ጎዱፍ፡ ካብ ከተማ ሰንዓፈ ንሸሞኒን ኣስታት 7 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ ኮይና፡ ኣብ 6 ዓድታት ዝጥርነፉ ኣስታት 800 ነበርቲ ኣለዉዋ።

## ጎልጅ -ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምሕያል ውጽኢታዊ ስራሕ ተዓሚሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ምሕያል ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዝተገብረ ወፍሪ ኣተባብዒ ውጽኢት ከምእተረኸበ፡ ሱፐርቫይዘር መዋእለ-ህጻናት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ታልክ መሓመድ-እድሪስ ገሊጹ።

ንኡሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ኣጉዳስነት ቅድመ-ትምህርቲ ብምግንዛብ ቀጻሊ ሂቡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብፍላይ ኣብ 2025 ብዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንተመሃሮ ብዝምችእ ብርክት ዝበሉ ትካላት ከምእተሃንጹ ኣብሪሁ።

ድሮ 41 መዋእለ ህጻናት ክህልዋ ከለዋ ንልዕሊ 2,390 ተመሃሮ ኣገልግሎት ክህባ ከምዝሓገያ ዝሓበረ መምህር ታልክ፡ ዕድመኦም ንቅድመ-ትምህርቲ ዝኣኸለ ህጻናት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽቐርቡ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት፡ ስድራቤታትን መምህራንን ክሕይል ኣተሓሳሲቡ።

ርእሰ-መምህር መዋእለ ህጻናት መምህር ሮሜላ ጉብረሚካኤል ብወገና፡ ብቕድመ-ትምህርቲ ዝሓለፈ ተመሃራይ ኣብ ዝቐጽል ጉዕዞ ትምህርቱ ዕዉት ከምዝኸውን ብምግላጽ፡ ስድራ ቤታት እዚ ብግቡእ ክግንዘብኦ ተላቢያ።

## ጋሽ ባርካ - ዓሶ ንምቁጽጻር ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲታት እወታዊ ውጽኢት የመዝግብ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታት እወታዊ ወጽኢት የመዝግብ ከምዘሎ፡ ኣብ ሃይኮታ ኣብ ዝተኻየደ ኣስተምህሮ ተገሊጹ።

እቲ ካብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣቦበርቲ ዓዲ፡ ዓብይቲ ዓዲ፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታትን ምምሕዳር ዞባን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ሕማም ዓሶ ንምቁጽጻር ብዝተኻየደ ናይ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ዕዮ፡ መጠን መልከፍቲ እናንቆልቆለ ይመጽእ'ኳ እንተሎ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ዝርአ ሸለልትነትን ግቡይ ኣጠቓቕማ ናመሲየን ግና ዕንቅፋት ይኸውን ስለዘሎ፡ ተራን ኣበርክቶን ኣመሓደርቲ ከባቢን መሻርኽቲ ኣካላትን ክዓዝዝ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ግዝያዊ ሓላፊ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ኣማኑኤል ምሕረትኣብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሕማም ዓሶ ግቡእ ምክልኻልን ፍወሳን እንተዘይተገይሩሉ ካብ'ቶም ሓደገኛታት ሕማማት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምስ ምእታው ክረምቲ መጠን መልከፍቲ ንኸይዛየድ፡ ህዝቢ ሜላታት ምክልኻል'ቲ ሕማም ብግቡእ ክተግብር ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዶ/ር ወልዱ የውሃንስ ብወገኑ፡ ብበጊዚኡ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታት ኣብ ምቁጽጻር ሕማማት ብሓፈሻ ሕማም ዓሶ ድማ ብፍላይ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ብምህላዉ፡ ንዝበለጸ ወጽኢት - ሕብረተሰብ ብስብ ሞያ ጥዕና ንዝወሃቦ መምርሒታት ብግቡእ ክተግብር ኣተሓሳሲቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮባ ብወገኑ፡ ኣብ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ ተረኺቡ ዘሎ ዂሕሳስ ብምዕቃብ ናብ ዝበረኸ ዓወት ንምብጻሕ፡ ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ብንቕሓት ክሰርሑ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ደረጃ ፍልጠት ወከልቲ ጥዕና ዓዲን ኣጋር ሓካይምን ዘበ. ስልጠናታት ክውደብ ኣዘኻኺሮም።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጸ. 1284

# ሽባብ

ሃማመተኤ

# ማሕላና “ስጋ ስወኣት”



ሚርያም ዮሴፍ

ነፍሲወከፍ ሕብረተሰብ ዝልለየሉ ባህሊ፡ ልምድን ክብርታትን ኣሎዎ። ዝፈጥሮ ወለዶ ድማ ዋላ'ኳ ብብዙሕ ረጃሒታት ዝጽሎ እንተኾነ፡ ዝላበሶ ናይ ሓባር ባህሪ ግን መሰረቱ ካብቲ ሕብረተሰብ ተኹስኩሱሉ ዝዓበየ ክብርታት እዩ ዝምንጩ። ጥልመትን ሓሶትን ዝመለለዩኡ ሕብረተሰብ ናይ ታሪኽ ምዝንባዕ እንተ ዘይኣጋጢሙ ሓቀኛን ብታሪኹ ርጉጹን ወለዶ ክፈጥር ኣይንጽበን። ብኣንጻሩ ሓቅን ናይ መኸተ ክብርታትን ዝኾስኮሰ ሕብረተሰብ ድማ ሰነፍ ወለዶ ክፈጥር ኣይንጽበን። ኵሉና ነንዘዕበየና ሕብረተሰብ ኢና እንመስል።

ቃል ምዕባር ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ነውሪ እዩ። ቃሉ ንዘዓጸፈን ማሕላ ንዘጠለመን፡ ዝግስጽን ዝጽይንን ሕብረተሰብ ድማ እዩ ኣዕቢዩና። ክብርታት ድማ ተወራረስቲ እዮም። ኣብ ታሪኽና ማሕላን ቃልን ኪንዮ ብዘረባ፡ ብግብሪ፡ ብደም ዋጋ ክኽፈሎ ድማ ርኢና። መስዋእቲ ዝበሃል ካልእ መዳርግቲ ዘይብሉ ዋጋ። ነቲ ግብሪ ቃል፡ ነቲ ቃል ድማ ግብሪ እናኣሰነየ ድማ ንዘመናት ዘይጥለም፡ 'ስለ እዛ ሃገር' ዝተኣትወ ማሕላ ኣሎና።

ኣብ መዝገብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ንሰማእታትና ገይሩ ዝወሃብ ክብሪን፡ ዓሙቕ ስምዒታዊ ምትእስሳርን የለን። ዝኽሪ ሰማእታትና፡ ከም ሓደ ተራ ታሪኻዊ ፍጻመ ወይ ዓመት መጽአ ዝዘከር ዕለት ጥራይ ገይርና ርኢናዮ ኣይንፈልጥን። ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ግን ብፍሉይ፡ ልቢ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ስምዒታት ሓበንን ናፍቆትን እዩ ዝዛሪ። ምኽንያቱ፡ ናይ ትማሊ መስዋእቶም ምስ ናይ ሎሚ ህይወትናን ናይ ጽባሕ ተስፋናን ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ። ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሰማእታቱ ዘሎዎ ምትእስሳር ድማ ተራ ምትእስሳር ኣይኮነን። ናይ ስጋን ናይ ደምን፡ ናይ ፍቕርን ዕዳን ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ። ነዚ ምትእስሳር'ዚ ሚዛን ዝውስኹሉ ረጃሒታት'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ኤርትራ ታሪኽ ሰማእትነት ናይ ርሑቕ ታሪኽ ወይ ኣብ መጽሓፍቲ ጥራይ ዝንበብ ዛንታ፡ ወይ'ውን ንፍሉይ ክፋል ሕብረተሰብና ጥራይ ዝምልከት ታሪኽ ኣይኮነን። ዝወደቑ ጀጋኑ፡ ወለድና፡ ኣሕዋትና፡ ኣሓትና፡ መታዓብይትና፡ ዓጽመ ስጋና፡ ወዘተ እዮም። ስለዚ ዛንታ መስዋእቲ፡ ታሪኻዊ ብጽሒት ናይ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊት ስድራቤት እዩ። ስድራቤት ጥራይ ዘይኮነ፡ ነፍሲወከፍ ጎቦታት፡ ሩባታት፡ በረኻታት፡ ኮታስ መላእ መሬት ኤርትራ ሓድጊ ሰማእታት ዘሎዎ ህያው ስፍራ እዩ።

እዚ ምስ ሰማእታትና ዘሎና ምትእስሳር ሓደ ሓያል ናይ ሓባር መንነትን ንቕሓት'ውን ፈጢሩ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንዝኾነ ይኹን ፈታኒ እዋናት ክሰግር ዝኽእሎ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ ድፋዕ፡ ብምኳን ጽንዓት ኣጉልቢቱዎ እዩ። ሕሉፉ እናወደቐን እናተንሰአን ዝሃነጸ፡ ብናይ ሓባር ቃንዛን መከራን ዝሓለፍ ህዝቢ፡ ነቲ ዘጋጠሞ ስነ ኣእምሮኣዊ በሰላ ዘሕውየሉ መገዲ፡ ሰማእታቱ ብኽብሪ ምዝካርን ምኽባርን እዩ። ህይወትናን ምንባርናን ብዋጋ ዝተኸፍለ ካልእ ህይወት ምዃኑ ብምግንዛብ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዓሚቕ ናይ ምስግናን ሓላፍነትን ስምዒት ይፈጥር። እዚ፡ ካብ ውልቃውነት ወጺእና ሓባራዊ ኣተሓሳስባ ከነዕቢ፡ ንሓባራዊ ስራሕ ክንውፊ ዝድርኽ ሓያል ሞራላዊ ሓይሊ ዝፈጥር እዩ።

ብፍልስፍናዊ መዳዩ ክርአ እንከሎ እዩ። ኣብ ኣእምሮ ኤርትራውያን፡ ሰማእታትና ምዉታን ኣይኮኑን። ንሳቶም ካብ ስጋዊ ሞት ናብ መንፈሳዊ ህላወ ዝተሰጋገሩ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ዕለታዊ ምንቅስቓሳትና፡ ኣካል ባህልና፡ ቋንቋና፡ ማሕበራዊ ጉዳይና፡ ታሪኻዊ ጉዕዞና፡ ... ኮይኖም ዝነብሩ ረቀቕቲ ሓይሊ እዮም።

ሰማእታት ኤርትራ ንህይወት ብኸመይ ንነብራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምንታይ ዕላማ ከም እንነብራ'ውን ዝምህሩ፡ ናይ ዕላማ መምህራን እዮም። ህይወት ካብ ውልቃዊ ረብሓ፡ ካብ ጸቢብን ግዝያዊ ናይ ውልቀ ሰባት ድልየትን ንላዕሊ፡ ንዘበዝሐ ሓፋሽ ዝጠቅም፡ ዝዓበየ ዕላማ ክህሉዋ ከም ዝኽእል ዘመስከሩ እዮም። እዚ ፍልስፍናዊ ትርጉም'ዚ፡ ሰብ ንነብሱ ጥራይ ክነብር ከሎ ዘይኮነስ፡ ንሓባራዊ ረብሓን ሓርነትን፡ ገዛእ ርእሱ ክውፊ ከሎ ጥራይ'ዩ ሓቀኛ ትርጉም ህይወት ዘነጽር። ሰማእታትና ዝምህሩዎ ዝዓበየ ትምህርቲ እምበኣር፡ ትርጉም ህይወት ኣብ ዓለም ብእንጸንሓሉ ንውሓት ዓመታት ዘይኮነ፡ ብዕምቈትን ዓይነትን ናይቲ ንሕብረተሰብ እንውፍየሉ ኣበርክቶ ዝዕቀን ምዃኑ እዩ።

ከም ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሰማእታትና ዘሎና ኣኽብሮትን ዝኽርን ከም ኣካል ክብርታትና ብምዃን፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝኸይድ ዘሎ ህያው ውርሻ እዩ። እቲ ዘገርም፡ እቲ ኩናት ዘይርኣየን፡ ነቲ መሪር ናይ ቃልሲ ዓመታት ብታሪኽ ጥራይ ዝፈልጥ ንእሱ ወለዶ'ውን ነዚ ክብርታት'ዚ ብዝለዓለ ስምዒትን ሓላፍነትን ክዋጻእ ኣብ ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽና ካብ ዝርኣናዮ ዓቢ መርኣያ እዩ። ብታሪኽን ጅግንነትን ኣያታቱን ኣደታቱን እናተኹስኩሰ፡ ነቲ ናይ መዋእል ዕዳ ናጽነትን ልኡላውነትን ኣብ እንግዳዓኡ ተሰኪሙ ይምርሽ ኣሎ።

እዚ ባህሊ'ዚ፡ ሓደ ካብቶም ንህዝቢ ኤርትራ ብሓደ ልብን ቃልን ከም ዝጓዓዝ ዝገበረ እዩ። ኣብ ግዜ ሓዘናን ሓጐስናን፡ ኣብ ግዜ ሰላምን ፈተናን፡ ስም ስውኣትና ቀዳማይ መወከሲና እዩ። ንስውኣት ምዝካር ማለት ድማ ንታሪኽና ምልስ ኢልና ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንመጻኢና'ውን ውሕስነት ምሃብ ማለት እዩ። እዚ ውሕስነት'ዚ ዘላቒ ንምግባር ድማ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ፡ ምስ ነብሱን ሰማእታቱን ዝኣተዎ ማሕላ ኣሎዎ። ወለዶ ብረታዊ ቃልሲ ዋላ'ኳ ስም ስውኣት ብሻላማላ ዘልዕሉዎ እንተ ዘይኮነ፡ “ስጋ ስውኣት!” ኢሎም ብስም እቶም ዝሓለፉ ብጾቶም ክምሕሉ ከለዉ፡ ድሕሪኡ መላሲ የብሎምን።

እዚ ማሕላ ብቓልን ግብርን ንወለዶታት ንኽቕጽል ኣብ ታሪኽ ድሕሪ ናጽነት ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ስትራተጂክያዊ ውሳነና ጻውዒት ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ ነይሩ። ንዝሓለፈ 35 ዓመታት ድማ ኵሉ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወረደ ዋርሳይ፡ ገዲምን ንኡስን፡ “ስጋ ስውኣት!” ስለዛ ሃገር እናመሓለ ቃልን ግብርን የሳኒ ኣሎ። ዛንታና፡ ዛንታ ምርኽኻብ እዩ። ሓደ የረክብ ሓደ ይርከብ። ማሕላና ብደም ምስቶም ዝሓለፉ ስውኣትና ዝተጠመረ ስለዝኾነ ድማ ካብ ሓዲድና ከይነንደልህጽ፡ ምስ ሕሉፍና ከይንባተኽ፡ መጻኢና ከይድብዘዝ ውሕስነት ዝፈጠረልና ኤርትራዊ ክብሪ እዩ። በዚ ድርኺት፡ ስለ ኤርትራ ኵሉ ንኸፍል። እቲ ዘሎ ብኣካላን ግብርን፡ ኣርሒቑ ዝወፈረ'ውን ብሃምን ቀልብን ኣብዚ ቃል'ዚ ይነብር። ዘዝተወልደ ድማ ኤርትራዊ ማሕላ ይምሕል።

“ኣነ እገለ/እገሊት” ተሳታፊ/ት ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ንሃገርይ ኤርትራ ብምሉዕ ዓቕመይ ከገልግላ፡ ካብ ኵሉ ጸቢብ ናይ ወገንን ሃይማኖትን ስምዒታት ሓራ ብምዃን፡ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክሕሉን ከማዕብልን፡ ንዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ክሰርሕ፡ እሙን/ እምንቲ፡ ጽኑዕ/ጽንዕቲ፡ ጻዕረኛ፡ ሓቀኛ፡ ውፉይ/ይቲ ወራሲ/ት ሕድሪ ጀጋኑ ስውኣትና ክኸውን፡ ብስም ስዉኣት፡ ኣብ ቅድሚ ህዝበይን መንግስተይን እምሕል ኣለኹ!” ድማ ንብል። ማሕላና፡ ንዓማጽን ጸላእን ብመስዋእቲ፡ ንድኽነትን ድሕረትን ብጻዕሪ፡ ንሽርሕን ወሽለኽለኽን ድማ ብትዕግስቲ ከም እንሓልፎ ገይሩ ጽንዓትን ሓይልን ዘጕልበተና መሳርሒ እዩ።

እዚ ስለዝኾነ ድማ'ዩ ኣብ ቃሕ ዝበለና ዝገላበጥ መርገጽን ማሕላን ዘይብልና። ኵነታት ምስ ከረረ ዝጥለም፡ ምስ ረሃወና ድማ ዝትግበር ዘይኮነ፡ ንሎምን ንሓዋሩን ስለ'ዛ ሃገር ዝተኣትወ ዕድመ ልክዕ ማሕላ እዩ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!





# ምልከታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ጸገ ተኽለማርያም ኣስገዶም፣ ኣቡሓጎይ ኣስገዶም ከተማን ዓፀደይ ለገሳ ተኽለን ስለዝዮረፋ፥ 3 ደቆም ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዕረ ተሰፉ የማኑበርሃን ምግባል ተሪፉ፥ ስምኦን ተሰፉ የማኑበርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ተወልደ ብርሃኑ ብዓል ቤተይ በየነ ተኽለሃይማኖት ስለብ ስለዝዘተሰወኦ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ወልዲ ጉብረሚካኤል ምግባል ተሪፉሳሌም ወልዲ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ለድያ ነጋ ጉብረሚካኤል ምግባል ተሪፉ፥ ለድያ ነጋሲ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጥና ተኽለ ዘርእዝጊ ምግባል ተሪፉ፥ ጥና ተኽሉበርሃን ዘርእዝጊ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዑዳ ያሰኣን ሳልሕ፥ ስም ኣደይ ሓሊማ መሓመድ ጅምዕ ምግባል ተሪፉ፥ ሓሊማ ጅምዕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፋና ኣብርሃ ደሴ፥ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ነ/ሄር ሃለቃ ተኽለ መድሃኔ ናይ ገዛ ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ወ/ሮ ለተየሱስ ጉብረንጉስ ኣስመሮም፡ ኣቦና ጉብረንጉስ ኣስመሮም መጻ ስለዝዮረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሃንሱ ጉብረትንሳኤ መብራህቱ፥ ብዓል ቤተይ ተሰፋይ ተኽሊስ ኖር ስለዝዮረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገነት ተሰፋይ ተኽሊስ፥ ኣሞይ ለተንገስ ተኽሊስ ኖር ስለዝዮረፈት፥ ኣነ ጥራሕ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍርቱና ፍስሃየ ተኽሉ፥ ኣደይ ጸዳል ኣብርሃ ዑቕባጋርግሽ ጓል 69 ዓመት ዝኾነት፡ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ምስ ዕድመ ምድፋእ ብናይ ኣእምሮ ጸገም ሕማም ትሳቐ ብምህላዋ፡ ዘይብቑዕነት ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ለተጼን ጋይም በየኑ፥ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ጊላሚካኤል ኣወንጀር ስለዝዮረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ያሲን መሓመድ ኢብራሂም ምግባል ተሪፉ፥ ያሲን ማሓሙድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መ/ድ ዓሊ መሓመድ ኢብራሂም ምግባል ተሪፉ፥ ዓሊ መሓመድ ኢብራሂም ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ዓብዱ መሓመድ ሓምድ ምግባል ተሪፉ፥ ዓብዱ ማሓሙድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ኛ ሰገድ ወዳኛ ወ/ሮ ለተንስኤ እምባዬ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ሓረገ ሰገድ ወዳኛ +4 ዝተፈጥረ ክርክር፥ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብቑ/መዝ 0275/2021 ብዕለት 13/05/2022 ዝተዋህበ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር፥ እዚ ምም/ ኣቦሻውል ጎደና ሓደሽ ዓዲ 132 ዝርከብ ህንጻ ብሓራጅ ተሸይጡ በዐጽሒቶም ይወሰዱ ክብል ዝሃቦ ትእዛዝ ንምትግባር፥ እዚ ገዛ ብክኢላ መሃንድሳት ግምት ዋጋ ሓራጅ 94,122.00 (ቴስዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሓደ ሚእትን ዕስራን ክልተን ሽሕ) ክየሎምት እንክሎ፡ እዚ ገዛ ኣሰታት 105,00 ት/ሜተር ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ ሽድሽተ ክፍሊ ዝሓዘ እዩ። ስለዚ ኣብቲ ዝካየድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ BOOK ተጠራቓሚ ሕሳብ ወይ 1/4 CPO ናይ'ቲ መበገሲ ዋጋ ብምስራሕ ክሳተፍ ይኽእል። ተወዳዳሪ ዝረቐሐ መጠን ገንዘብ ብቐጻርን ብኣሃዝን ብምጽሓፍ ብዕሹግ ሰታሪት ኣዳልዩ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ሳ/ቤ/ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን የእቱ።

ዕለት ሓራጅ፦ 29/07/26
ቦታ ሓራጅ፦ ሳዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ገጠን መጋባኢያ ቁ/27
ሰዓት ሓራጅ፦ ካብ ሰዓት 3፡00-4፡00 ቅ/ቀትሪ
ተወሳኺ ሓበሬታ፡ መኣጉዲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ምስ ዘቕርብ ሓራጅ ኣየቋርጽን። ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/67 ፈ/ፍርዲ ክውከስ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ባንክ ልምዓትን ወፍርን ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣይዳ ተኽለ ኣስገዶምን ብዝተፈጥረ ክርክር፥ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 08/11/2024 ብቑ/መዝ 162/24 ብዘሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ እዚ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዱብርዋ ብማይን ኣከቡጠን ጨ/ዞባ ደቡብ ብምስክር ወረቐት ቁ/000301 ኣብ ኢንዳስትርያል ዞን ዝርከብ ንትካል ዝተዓደለ ብስም ወ/ሮ ኣይዳ ተኽለ ዝተመዝገበ ኣብ 1100.00 ት/ሜ ዝተደኮነ መንደቑ ጥራይ ዝተዛዘመ ዘይተፈጸመ ሶሌታ (slap) ተሃናጊ ሕብርን ናይ መስመራት ማይን ኤሌክትሪክን ናይ መሬት ማሻሻታን ማተኒላን መዓጹን ፍኒስትራን ህንጻዊ ስርሓት ዘለዋ 5 ቀንዲ ክፍልን ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ሓደ ዓቢ መኻዚና ሓደ ዓቢ ናይ ማሽን ቦታ ማይ ባኒካ ናይ ረሳሕ ፈሳሲ መኣከቢ ባኒካን ዘጠቓለለ ናይ ትካል ገዛ ብክኢላ መጠበሲ ዋጋ 441,660.30 (ኣርባዕተ ሚእትን ኣርባዓን ሓደን ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ስሳን ናቕፋ 30/%) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝካየድ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፥ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ 5 መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቑሖ መጠን ገንዘብ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብዘወሳኺ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 23/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገጠን መጋባኢያ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ሳዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣብ ኢንዱስትርያል ዞን ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።


ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ሰሩዕ ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንዓበይቲ ንንኣሽቱን ኣብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ጸፍሒ ይቐጽል ኣሎ። ንዓበይቲ ካብ ዕለት 8 ሓምለ ከምኡውን ንኣሽቱ ካብ ዕለት 11 ሓምለ ክጅምር ምዃኑ ከበስር ንፈቱ። ምዝገባ ደሮ ተጀሚሩ እዩ።


ብዩሓን ምጹ! ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ/ስ 122605/115270

ኣድራሻና፡ ጎደና ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓርባዕ ሬስቶራንት እዩ።

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea

ሓደስቲ መጽሓፍቲ
NEW BOOKS
ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. Brush up your Progress in High school (Natural Science Stream): English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.
2. Brush up your Progress in High school (Social Science Stream): English, Maths, Geography, History, Business & Economics.




ነፍሲ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ድማቑ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ኣብ ኩሉን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሖትልኩም ኣሎ።
07151337/07282165

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፍረወይኒ እምባየ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ዘርእሰናይ ሃይለ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንI6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ለተኪዳን ኣርኣያ ኣምለኩ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዑቕባእግዚኣብሄር ገብረኪዳን ደበስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባገርግሽ ጺጋይ ተስፉ ምባል ተሪፉ፡ ኣዶናይ ጺጋይ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሪት ትዕግስቲ ሃይለ ኣድሃኖ ኣቦይ ሃለ ኣድሃኖ ኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተማ/ተኽለማርያም ይኣሉ ነጋሽ፡ መድሃኔ ይኣሉ ነጋሽ ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ይኣሉ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ቅድሳን ሃብትኣብ ዳሰ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ኣስፍሃ ገብርኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣፈና ገዚ ታእዛዙ፡ ብዓል ቤተይ ታረቀ ክፍለ ሃይለማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብርሃና ታደሰ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ሙብራህቱ ስዩም ገዜኢ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ መሓሪ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣቦዲ ኪዳን ኣያኣብ ስለ ዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓለይ ድማ ወረሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሉተብርሃን ወልደገብርኤል ኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ገብረያሱስ ብስራት ሓድጉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ጓለይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባሚካኤል ካሕሳይ ኪዳን፡ ኣቦይ ቀሺ ካሕሳይ ኪዳን ገ/ስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃይማኖት እምባየ ይፍጠር፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ተወልደ ተስፋስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቅና ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጺጋይ ካሕሳይ ብሩ ምባል ተሪፉ፡ ጸገዘኣብ ካሕሳይ ብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትምኒት መንግስ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ትምኒት መንግስትኣብ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምለሰት ወልደጊዮርጊስ፡ ተኸሰሲ. የማነ ሓጎስ ደሲታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቕርካ

ሉተዝጊ ተኽለሚካኤል ገብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ምሲጋና ተኽለሚካኤል ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣብርሄጼን መሓሪ ወልደገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ዓይናም መሓሪ ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ዘውዲ ኣረሸ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ግብጻዊ ተስፋሚካኤል ገብረሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ማስቀላ መዓሾ ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ ምሕጹን ተስፋጊዮርጊስ መንደር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ጺጋይ ጎይትኦም ስለሙን፡ ስም ኣደይ ስሉስ ገብረእዚጊብሄር ኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ሉተስላሴ ገብረእዚጊብሄር ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ጉዩይ መሓሪ ፍስሃጼን፡ ኣብ ዓዲ/ከበ. ሰጉዶ ብመወከሲ. ቁጽሪ 1111 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 000886 ፕሎት 19 ፓርስል F ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዞዩ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ. 07557966 ክሕበረኒ፡፡ እንተዘይረኺቡ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ፋጥማ ኪያር መሓመድ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መዕረፊ ኣጋይሽ ንግዳዊ ትካለን፡ "ኣኑር መዕረፊ ኣጋይሽ "(ANUR PENSION) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ

ብስም ኣፍ/ ወ/ሮ ሉተብርሃን ሃብተ ደብረጽዮን ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ዋንነት ቁምስክር ወረቐት 105904 መወከሲ. ቁጽሪ 124849 ወይ 124848. ን/ዞባ/ጸጸራት ምም/ከ ቪላጅ ፕሎት 8 ፓርስል H ጎደና 127-6 ቁ.ገዛ 26 ዝርከብ፡ ኣብ 225 ት/ሜ ዝተደኮነ ገዛ፡ ዋንነት ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዩ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሐዞዩ ኣለኹ ዝበለ፡ ብቁጽሪ ተሌፎን 07628426 ወይ ከኣ 07602034 ቀሪቡ ከረክበና ክሕበረና፣ እንተዘየሎ፡ መተካእታ ከወሃበና ክንሓትት ምኳንና እሕብር ኣለኹ፡፡

ኣቶ ናህም ከንፈ.

ኣቶ እስቲፋኖስ የሰፍ መሓመድኑር፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቪድዮ ምቕራጽን ደምጺ ምምላእን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ዋካ ቲኤም ቪድዮ ምቕራጽን ደምጺ ምምላእን" (WAKA TM FILM/VIDEO PRODUCTION) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ሩታ ብርሃነ ገብሩ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምክራይ ቬሎን መሸጢ መጋጸኢ ኣቕሑን ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካለን፡ "ላዛ ምክራይ ቬሎን ቡቲክን" (LAZA BRIDAL WEAR RENTAL & BOUTIQUE ) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘየቕሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ

ብስም ተመስገን ነጋሽ ገብረኣብ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋጊን ASL00025545 ዝሾቱ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ባሩና ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ቢላርዶን ትካለይ፡ ንኣቶ ኣስመሮም በይን ዑቕባዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ሞንገራይብ ቁ.ገዛ 6 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 31/05/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ተመስገን ነጋሽ ገብረኣብ
ሞግዚትን ወረስትን ወ/ሮ ሰላም ሓደሽ ተኽለ

ወ/ሮ ሰናይት ዘርኣይ ጎይትኦም፡ ዝተፈቕደለን ናይ ህንጻን ሕርሻን መፋትሕን ኣቕሑት መሸጢ ንግዳዊ ትካለን፡ "ሚራክል መሸጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን መፋትሕን" (MIRACLE RETAIL CONSTRUCTION &/OR AGRICULTURAL MATERIALS & KEYS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሩታ ገብረእዝጊኣብሄር ተኽለ ምግል ተሪፉ፥ ሩት ገብረእዝጊኣብሄር ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ልኡላ ብርሃ መሓሪ፥ ወ/ነ ስውእቲ ኣማረሽ ብርሃ መሓሪ (ፍልፍል ካሕሳይ ደረጽዮን) ወረ/ ስውእቲ ናጽነት ብርሃ መሓሪ (ወ/ሮ ለምለም የውሃንስ ወ/ሮ ቤትኤል የውሃንስ) ወረ/ፍ ንግስቲ ብርሃ መሓሪ (ኣቶ ተስፎም ዑቕባጼን) ዝተበሃልኩም፡ ንሻኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይርአ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ተማስ በርሀ ገብረስላሴ፥ ኣሞይ ነፍ/ምብራቅ ገብረየሱስ፥ ወህብዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞ/ንዑስዞባ ናይ ቅድም ኣርበኞች ናይ ሕጂ ከኣ ጎደና ተጋደልቲ ዝርከብ ክልተ ቀንድን ክልተ ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘ ብስሜን ምስ መንገዲ፥ ብምብራቅ ምስ ወ/ሮ ሉዩም ሓይለኣብ፥ ብደቡብ ምስ ሉቱ ገብረክርስቶስ፥ ብምዕራብ ከኣ ምስ መንገዲ ዝዳወብ፥ ብቁ/ መዝ/112200 መወከሲ. ቁ/122149 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ክሰጋገረለይ ዝበል ምልክታ ስለዘቕረብ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሰሲት ወ/ሮ ሃንሱ ሃይለስላሴ እንግዱ፥ ወኪል ኣቶ ኣብርሃም ዳዊት፡ ተጸዋዕቲ 1.ወ/ሮ ብርኽቲ ሃይለስላሴ እንግዳ 2.ወ/ነፍ/ሚካኤል ሃይለስላሴ እንግዳ 2.1.ዳናይት ሚካኤል ሃይለስላሴ 2.2 ሾሻን ሚካኤል ሃይለስላሴ፣ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ተኸስተ ገብረሃዋርያት፡ ብዓልቲ ቤተይ ጸገ ተስፋጊርግሽ ተሰፉ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተኸስተ ወልዳይ፥ ስም ኣደይ ዘመም ተስፉጋብር ምግል ተሪፉ፥ ዘመም ተስፉጋብር ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣሰረስ ደባስ ገብረእየሱስ፥ ስም ኣደይ ለተሚካኤል ወልዳይ ምግል ተሪፉ፥ ሊታይ ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብርኽቲ ተስፉዝጊ ኣብርሃለይ፥ ወኪል መንግስተኣብ በየነ፥ ተጸዋዒ ቢንያም መንግስትኣብ፥ ናይ ምዝራትት መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መልኣከብርሃንየውሃንስወልደማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ኤልሳቤጥ ተኽሉብርሃን ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ኣርኣያ በርሀ፥ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ጎይትኦም ደባስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ዛይድ ሓድጉ ኣርኣያ ምግል ተሪፉ፥ ዛይድ ተኽለ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ጆሚ/ዑቕባሚካኤል ኪዳ ምስጉን፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ጆሚ ኣድሓኖም ሃብቱ፥ 1.ሰላም ኣድሓኖም 2.ሰለሞዊት ኣድሓኖም 3.እሰይ ኣድሓኖም 4.ናሆም ኣድሓኖም ንገንዘብን ንብረትን ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

የሴፍ ካሕሳይ ክፍሉ፥ ኣደይ ነፍ/ሄር ኣሰፋሽ ይሕደጎ ኣረደ፥ ብመልክዕ ለበዋ ዝገደፈትለይ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰናእ ጀማል ያሲን ምግል ተሪፉ፥ ሰናእ መሓመድዓጣ ያሲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

መኣዛ ዓንደማርያም ኪዳኑ፥ ስም ኣደይ መድህን ገብረማርያም ገብሩ ምግል ተሪፉ፥ ንግስቲ ሃይለሚካኤል ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ይከኣሎ ሓድጉ፥ ኣደይ ይሕደጎ ተኽስተ መጣሃን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ተተኣኢቲ 2 ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተስፉይ ንገሰ ሃይሉ፥ ኣቦና ሃይለ ሃብተማርያም ተኽለሚካኤልን ኣዴና ኑብያት ገብረየሱስ ካሕሳይን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ክብርኣብ ኣድሓኖም ንገሱ፥ ኣቦና ኣድሓኖም ንገሰ ዑቕቢትን ኣዴና ኣብርሀት ገብረኪዳን ንገሰን ስለዝዓረፉ፥ ንሕና 4 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኤሮም ሚካኤል ሃብተሚካኤል፥ ኣደይ ነፍ/ሄር ኤልሳ ተኽለይ ገብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦይ ሚካኤል ሃብተሚካኤል ናይ መጸምዲ መሰሉ ይተሓለወሉ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልያ ገብረእየሱስ ምራጭ ምግል ተሪፉ፥ መኽሰብ ገብረእየሱስ ምራጭ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልያ በረኸት ዑቕበ ምግል ተሪፉ፥ ኣስቴር በረኸት ዑቕበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤርምያስ ጸጋይ ጊላጋብር፥ ኣቦና ጸጋይ ጊላጋብር ተኽለሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ሰልጣን ካሕሳይ ምግል ተሪፉ፥ ንያት ሰልጣን ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዊንታ ሚካኤል ተስፋስላሴ፥ ብዓል ቤተይ ክፍሎም ሃይለ ተስፉዝጊ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ጸጋሮማ ተስፉኣለም ዘርኣሃዋርያት ምግል ተሪፉ፥ወጋሕታ ተስፉኣለም ዘርኣሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ልዋም ዑቕባየርጊስ ተዓረ ምግል ተሪፉ፥ ልዋም ተስፉጊየርጊስ ተዓረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ወልደብርሃን ኪዳኑ፥ ብዓል ቤተይ ተስፉሚካኤል ፍረ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 5 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣኸሪም ተኽለይ ካሕሳይ ምግል ተሪፉ፥ ኣኸራን ተኽለይ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰለሞዊት ዞሚካኤል ወልደሚካኤል፥ ስም ኣደይ ሰናይት ጋይም ምግል ተሪፉ፥ ንግስቲ ዘርኣብሩኽ ጉብሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወረ/ፍ ነይሩ ኣድሓኖም፡ ወኪል ተኽኣ እምባዬ፥ ናይ ኣቡሓግና ነፍ/ነይሩ ኣድሓኖም፡ ንሕና ኣሕዋት 1.ያቆብ ነይሩ 2.ኢሳቕ ነይሩ 3.ነፍ/ሰመረ ነይሩ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ጸሃይ ህዝቅኤል ተስፉልደት ምግል ተሪፉ፥ ኣርያም ህዝቅኤል ተስፉልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ኣዜብ ኣሰፍሃ ግደይ፥ ወለድና ኣሰፍሃ ግደይ ደሞዝን ኣብርሃጼን ማሞ የውሃንስን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጊላሚካኤል ተስፉዝጊ፥ ኣደይ ጸሃይሽ ወልድኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የዲት ጸጋይ ሃይለ ምግል ተሪፉ፥ የሳን ጸጋይ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና የማነ ጸጋይ ምግል ተሪፉ፥ ሄለን የማነ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ራሄል ገብረታትዮስ ተኽለዝጊ ምግል ተሪፉ፥ ራሄል ገብረታትዮስ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ሽፉ መሓመድ ምግል ተሪፉ፥ ሳልሕ ሽፉ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግደይ ወልዳይ ሃብታይ፥ ወደይ ሳሙኤል ተወልደ ፍስሃ ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ብርሃ ገብረስላሴ ምግል ተሪፉ፥ ተስፎም ብርሃመስቀል ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምሉእብርሃን ኣብርሃም ተወልደ ምግል ተሪፉ፥ ህያብ ኣብርሃም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርሴማ ዳኒኤል ወልደሃዋርያት ምግል ተሪፉ፥ ኣድያም ዳኒኤል ወልደሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳንኤሊት ዓንደማርያም ክፍለ ምግል ተሪፉ፥ደናይት ዓንደማርያም ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ተከሳሲ ኣቶ ኣርኣያ ተስፉይ፥ ከሳሲት ቅሳት ተኽለወይኒ በርሀ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፥ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

# ስድራቤት

የሴፍ ሃይለማርያም

ሓደጋ ወዘቢ'ዩ፡፡ መዓስን ኣበይን የጋጥም ስለዘይፍለጥ ከኣ ኩሉ ግዜ ልዑል ጥንቃቐ ይሓትት፡፡ ሓደጋ ዘኸትሎ ኣካላዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ሃሰያ ከቢድ'ዩ፡፡ ሞት እንተደኣ ኣኸቲሉ ድማ፡ እቲ ዝፍጠር ሓዘንን ዘኸትሎን ብቐሊሉ መንጸር ይዝይድ፡፡ እቲ ጉዳይ ብሰላም፡ ዕርቂን ምሕረትን እንተ ዘይደቀሰ ከኣ ኣብ መንጎ ስድራቤታት መዋቲን ፈጻሚ ሓደጋን ዘይተደልየ ጸገም ይፍጠር፡፡



ኣቶ ኣሚን ከተማ

ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ከም ዘለዉ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ፡፡ እዞም መዛና ኣልቦ ዝኾኑ ክብርታት ናብ ወለዶ ንምስግጋርዎም ከኣ ሓላፍነት ኩልና ይኸውን፡፡ ሓደ ካብዞም ንጹባቐ ሕብረተሰብና ኣጉሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝገበር ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ፡፡ እምበኣርከስ፡ ኑቶም ነዚ ረዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዝነቶምን ስለዝኾነ ቀጺልዎ ንምባል፣ ኑቶም ክብርታት ሕብረተሰብ ገሊዮም ሰሰዕ ባህርያት ዘርእዩ ብኣጋጣሚ ዝቆጸሩ ወልቀሰባት ድማ ዓይኖም ክሓስዩን ክበራበሩን ንምዝኽኻር፡ ቀጺልና፡



ኣቶ ዓንደሚካኤል ሰለሙን

ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓብ ሓደጋ ነስዕበልኩም - ሰናይ ንባብ–

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ ኣስመራ - ምም/ን/ዞ/ዕዲጋ ሓሙስ ከባቢ ባር ትብለጽ'ዩ ናብ 25 ግንቦት ኣብ ዘውግሐ ሰዓት 2፡00 ለይቲ ኢጋጢሙ፡፡ መራሒ ማኪና ዝነበረ ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ ተሰፋጽዮን ከኣ ብዘጸከሎታ ይጉዓዝ ንዝነበረ መንእሰይ ፊሊሞን ኣሚን ከተማ (ቶረ) ብማኪና ሃሪሙ ሞት ዘብጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱሉ፡፡ መንእሰይ ፊሊሞን ኣሚን፡ ንምርኢት 24 ግንቦት ተባሂሉ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝዓሎ ዝነበረ ስራሓት ኣብ ንጡፍ ስራሕ ኣምሲዩ ንገዛኡ እናመጸአ ከሎ'ዩ፡ ሞት ዘስዓብ ሓደጋ መኪና ኢጋጢሙዎ፣ ሆስፒታል ምስ በጽሐ ድማ ዓሪፉ፡፡ ኣብ መበል 35 ዓመት ዕድመኡ ከኣ ዕለት 25 ግንቦት 2026፡ ወለዱ፡ ቤተሰቡ፡ መተዓብይቱ፡ መሳርሕቱን ስፖርተኛታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ - ጸጸራት ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ፡፡ መዋቲ መንእሰይ ፊሊሞን ኣሚን ከተማ (ቶረ)፡ መበል 30 ዘርፍ ኮይኑ፡ ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝነበረ፡ ስራሑ ድማ፡ ኣብ ምክትታል ሜዳ ስፖርት ስታድዩም ኣስመራ ተመዲቡ፡ ነቲ ንጥፈታት ደኺታተልን መደባት ደሰርሕን ነይሩ፡፡ ተጻዋታይ እንከሎ'ውን፡ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ዕዲጋ ሓሙሱ፡ 4 ኣስመራን ኣጸቢውልን ኮይኑ፡ ዝተጻወተ ብሉጽ ስፖርተኛ እዩ፡፡

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ፡ ኣውቲስታ እንዳ ፎርኖ ቀሺ በላይ'ዩ፡፡ ስራሕተኛታት ኣብጺሑ እናተመልሰ ድማ'ዩ እቲ ሓደጋ ኢጋጢምዎ፡፡ ኣብቲ ከውታ ለይቲ ዝሕግዝ ሰብ ንኽረክብ ብዙሕ ሳዕልን ታሕትን ኢሉን ኣእዊዩን ከኣ፡ ሓገዝቲ ረኺቡ ናብ ሆስፒታል ሕክምና ወሲዱዎ፡፡ ካብኡ፡ ኑቶም ሮንዳ ዝዞሩ ዝነበሩ ኣባላት ፖሊስ ረኺቡ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ሓደጋ ኣውሪዱ ኣብ ሕክምና ኣብጺሑዎ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወሰደሉ ሓቢሩዎም፡፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ከኣ፡ ብሰላ ምሕረት ስድራቤት መዋቲ፡ ኣብ ሳልስቲ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከምዝወጽእ ተገይሩ፣ ምስ ቤተሰቡ ብምኻን ከኣ ንብር ሓዘን ፈጺሙ፡፡

እዚ ሞት ዘስዓብ ሓደጋ መሰረቢ ንምግባር፡ ብኽልቲኦም ስድራቤታት ዝድለ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብዕለት ብ2 ሰነ 2026፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲን ወከልቲ ዓዲን ኩሉ ስድራቤትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ መንጎኦም ክልተ ስድራቤታት ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ፡፡ ኣብቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ ቤተሰቡ ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ኣፍ/ር ፊሊሞን ኣሚን ከተማ ቀሪቡ፡፡ ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱ ቀሺ በየነ ቀሺ ተኽለ ድማ፡ ተቛጺርም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ስድራቤት መዋቲ፡ ኑታ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ መሰከሪ ዘይብሉ ምሕረት ምምራጽም፡ መርኣያ እምነቶም ብሃገር ደረጃ ዝገለጽ ኣቦታዊ ቅዱስ ተግባሮም ምዃኑ ሓቢሮም፡፡

ቀጺሉ በቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰመዖ ሕልናዊ ሩፍታ ቃሉ ዘስመዐ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ እዮብ በዳድ ዓሊ'ዩ፡፡ ኣቶ እዮብ፡ "ሰብ ብገዛእ ዘይኮነ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝነብር፡፡ ንስኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኺብኩም፡፡ ገይርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ንዘንተእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ" ኢሉ፡፡

ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ፍጹም ቀሺ ነጋሽ፡ ኣቶ ኤፍሬም ኣርኣያን ኣቶ ሚካኤል ደብሳይን ድማ፡ "ሽዊት ዝኾነ ቁልዓ'ዩ ተፈልዩና ዘሎ፡፡ ምሕረት ምግባር ግን ኣሸጋሪ ንፈጻሚ ገበኑ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር፡፡ ኣምላኽና'ውን 'መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም' እናበለ፡ ንዘበደሉና ምሕረት ክንገብርን ምስኦም ክንዕረቕን ስለዝእዝዘና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብምፍጻምኩም ሕብናት ኢና፡፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት ከኣ ንእንዳዓ ይኹን ንእንዳዩ፡ ንስዎዪኡ ይኹን ንረኣዩኡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾነ፡ ቅዱስ ምርጫ'ዩ፡፡ ንስድራቤት መዋቲ ከኣ ጸጋ ይሃብ" ኢሎም፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ዲያቆን ሰመረ ወልደሂወት፡ ኣቶ ገብረሂወት ሃይለሚካኤል፡ ቀሺ ሙሴ ቀሺ ገብረሂወትን ኣቶ መብራህቱ እያሱን ብዘይኦም፡ "ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾነ፡ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፣ ግን ዘይምለስ ኮይኑና፡፡ ኣምላኽ ግን ኣጸኒዑም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና፡፡ ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ድማ፡ ብምድርን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኺቡዎ፡፡ ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዘተመላለስናሉ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጽቡቕ መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና፡፡ ናይ ብሓቂ ከኣ ኣማስቢንና፡፡ ነዚ ሕውነት ክንተኽሎን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እሞ፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾነ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክንዘብረኩም'ዩ" ክብሉ ናይ ምስጋና ቃሎም ኣስሚዖም፡፡

ብስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ እኹል ናይ ምስጋና ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ወሃብቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት መዋቲ'ዩ እዚ ዝሰዕብ ናይ ምሕረት ቃል ተሰሚዑ፡፡ ኣቶ ኣሚን ከተማ ወልደገርግሽ - ኣቦ መዋቲ እዩ፡፡ ኣቶ ኣሚን፡ "ፊልሞን ወደይ ኣብ ናጽነት እዩ ተወሊዱ፡፡ ኣብ ንእሽ ዕድመኡ ምኽሳፉ ከኣ ከቢድ ሓዘን እሰምዓኒ፡፡ እንተኾነ፡ ፊሊሞን ወደይ ክቐትሎ፡ ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ ተሰፋጽዮን ድማ ክቕትል ኣይተራኸቡን፡፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክስብር ስለዘይክእል ግን፡ ሓደጋ ኢጋጢሙዎም፡፡ ሕጂ ከኣ ወደይ ብምሕረትን ፍቕርን ደኣ'ምበር ብገዛእ ስለ ዘይትመን፡ ገዛእቦ'ውን ሕልናዊ ሩፍታን ደበሰን ከምጽኣልና ስለ ዘይክእል፡ ምስ ብጻልቲ ቤተይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረሂዝሽን ደቀይን ከምኡ'ውን ምስ ብጻልቲ ቤት ወደይ ወ/ሮ ርዝና ገብረመድህንን ወለዳን ብዘዮንኡ ተላዚብና፡ ምሕረት ገይርናልኩም ኣሎና፡፡ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ጋር እናበልዐ ዝኸይድ ስለ ዘይኮነ፡ ንሕና'ውን ካብ ባህልና ክንወጽእ ወይ ካብ እምነትና ክንርሕቕ ስለ ዘይብልና፡ እዚ ብሕግን ባህልን ሕብረተሰብ ኤርትራ ወርዙይ፣ ብእምነት ድማ ኣምላኽ ዝፈትዎ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ውሳኔ ክንህብ ክኢልና ኣሎና፡፡ በዚ ከኣ ሕብናትን ኩሩዓትን ኢና፡፡ ንኹልና ከኣ ምሉእ ጽንዓት ይሃበና" ክብል ተዛሪቡ፡፡



ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ (ፈጻሚ ሓደጋ)

ካብ ወሸጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ዝጸናንዕዎም ቤተሰብን ፈተውትን ከኣ ልባዊ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ፡፡

ብጻልቲ ቤቱ ንመዋቲ ፊልሞን ኣሚን ወ/ሮ ርዝና ገብረመድህን ብወገና፡ ካብ ፍቓድ ወለዲ ብጻል ቤታን ወለዳን ከይወጸኣት'ያ፡ ነቲ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ውሳኔ ደጊፋቶ፡፡ ንሳ ምስ ፊልሞን ዝሰረተቶ ሓዳር፡ ኣርባዕተ ውሉድ'ኳ እንተ ፈረየትሉ፡ ክጾሩ ውላድ ግን ናብ ዝሰፍሐ ማሕበራዊ ሂወት ክወስዳዩ ልዑል እምነትን ሕልምን ነይሩዋ፡፡ ብኸምዚ ኣሲቃቒ መንገዲ



ፊልሞን ኣሚን ከተማ (መዋቲ)

ምቁራጹ ግን ከቢድ ሓዘን ከም ዝተሰምዓ ብምግላጽ፡ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ቅዱስ ስጉምቲ፡ ብምሉእ ልባ ከም ዝደገፈቶ ሓቢራትና፡፡

ቤተሰብ መዋቲ፡ ኣቶ ዓንደሚካኤል ሰለሙን ተወልደ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ዳይረክተር ጀነራል ምክትታል ቀጠባዊ ልምዓት ብወገኑ፡ "ብሰንኪ'ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓብ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሓዚንና፡፡ ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኢጋጠመ፡ ተኣኪብናን መኺርናን ነቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዝሞ ምብቃዕና፡ ኣዝዩ ዘደሰቕ'ዩ፡፡ ዕርቅን ምሕረትን ድማ ንሰብ መለለዪኡን ግርማኡን ስለ ዝኾነ፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ፡፡ ሕጂ ከኣ ፊልሞን ወድና ብገዛእ ስለ ዘይትመን፡ ንዓና እቲ ዝዓበየ ምሕረት መረጽና ኣሎና፡፡ ሰብ ኮይኑ ዘይብድል ስለዘየሎ፡ ንዝበደሉኻ ምሕረት ምግባር ከኣ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ ነዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኽር" ኢሉ፡፡

ካብ ቤተሰብ መዋቲ ዝኾኑ ኣቶ የማን ተኽለኣብ፡ ኣቶ ሰለሙን ፍስሓ፡ ቀሺ ክብርኣብ ኣስመላሽን ቀሺ የውሃንስ ቀሺ ክፍለማርያምን ድማ፡ "ኩልና ከም እንፈልጦ፡ ሓደጋ ወዘቢ'ዩ፤ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰዓር ስለዘይክእል ክቡር ሓውናን ወድናን ብሓደጋ ተፈልዩና፡፡ ሕጂ ከኣ እምነትናን ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር ባህልናን ምሕረት ስለዝኾነ፡ ፍቕርን ምሕረትን ተገይሩ ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ መመለሲ ዘለገሰየ፣ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዓብኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዝሃበና ፈጣሪ ነመስግን" ክብሉ ነቲ ዝተገበረ ዕርቂ ዝድግፍ ሓሳባት ተዛሪቦም፡፡

ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ገብረሂወት ጸጋይ ተሰፋጽዮን፡ ስለቲ ኣብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገበረሉ ምሕረት፡ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - "ምስ ፊልሞን ዘጋጠመና ሓደጋ፡ ካብ ሕልናይ ዘይሃስስ ከቢድ ነገር'ዩ፡፡ ብሰንክዚ፡ ንሂወቱ ስድሪ ከየልዓለላ መሟቱ ከኣ ወሽጣዊ ጓሂ ኣሕዲሩለይ'ዩ ዘሎ፡፡ ሕጂ ከኣ ስድራቤቱ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂ ዛዚሞም ምሕረት ስለ ዝገበሩለይ፡ ኣዝዩ ዘመስገን፣ ሩፍታ'ውን ተሰሚዑኒ ኣሎ፡፡ ጸግኦም ካብ ፈጣሪ ይርከብዎ፣ ኣብ ጸቡቕም ከኣ የውዕለኒ" ክብል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ፡፡

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ብምዕሩግ ኣገባብ ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ተቓዲሶም፡፡



ስድራቤት መዋቲ



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

ቃለ-መሕትት

# ምስ ቀዋሚት ኣምበሳደር ኤርትራ፡ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

*ኤርትራ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘጸንሓ ርክብ ልዕሊ 80 ዓመት ዘቑጸረ ምስ ምዃኑ ታሪኽ ኤርትራ ብመጀመርታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ዝትንተኑ ንፍሲ-ወከፍ መድረኽ ዝሓለፈን ዘጸበርቐን ታሪኽ ከም ዘለዎ ኒገረ ትደልየሉ ኣይኮነን። የግዳስ ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ትወጽእ፡፡ እዚ ከኣ ባህርያዊ ሕጊ እዩ። ንኣብነት ኣብ መሪሕ ዝኾነ ምርጫ ከም ኣብኡት ምስ እንምልከት፡ ብዙሕ ተጋሂሉ ከም ዘሎ ርእሱ ግሉጽ እዩ። ኣብ እዛ ዘለናያ ወርሒ ሰነ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኻየዱ ምርጫታት ነይሮም። ኤርትራ ድማ ከም ኣባል ናይ'ቲ ውድብ ኣብ ገለ ካብ'ቶም ዝተኻየዱ ምርጫታት ተሳቲፋ ብዘይ ዝኾነ ናይ ምርጸኒ ወፍሪ ንሓቀኛ ኣተፉዳእ ብዝንልሕ ክትምረጽ ክኢላ ኣላ። እዚ ሓቀኛ ምስሌ ርእሱ ቅኑዕ ኣተፋዳኣን መማሰ መድረኽ ዘይለዋወጥ መትከላን ዘጉልሕ እዩ። ገለ ካብ ማሳርሕ ናይ'ቲ ምርጫ ብምስጢር ዝተኻየደ ይርከቡ። ኣብ'ቲ ብምስጢር ዝተኻየደ ምርጫ፡ መን ንመን ኣድሚጹ እናተባህለ ብኸመይ ኣዒንቲ እትጠማመተሉ ብዘይ ምንባሩ ግዱ ካብ ዝለለ ክፋል ኣተፋዳ ናይ'ቲ ምርጫ ምንባሩ ክጥቀስ ይከኣል።*

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ንሓፈሻዊ ምስሊ ናይቲ ዝተኻየደ ምርጫ ንምግላጽ ዝኣክል መብርሂ ንምቕራብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ረድዮ፡ ኣቶ ግርማይ በርሀ (ዓሰምባ) ምስ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ሶፍያ ተስፋማርያም ብቴለፎን ናይ ዘካየዶ ቃል-መሕትት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣገዳስነቱ ብምግንዛብ ነቲ ብኣምባሳደር ሶፍያ ዝተዋህበ ሓበሬታ ኣንበብታ ክካፈልዎ ብምባል እንሆ ብኸምዚ ዝስዕብ ናባኹም ተብሎ።*

*ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ኣብ ዝሓለፈ መበል 35 ዓመት ናጽነትና ኣብ ዘጸንበልናሉ፡ ኣብዛ ዘለናያ ሰነ 2026፡ ኣብቲ ትካየደሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምርጫ ብዘምልከት ብዙሕ ንጥፈታት ክካየድ ምዃኑን ብወገን ኤርትራ'ውን ብናታ መደብ ኣብ ገለ ናይ'ቲ ዝካየድ ምርጫታት ክትሳተፍ ምዃናን ከምኡ እውን እቲ ዝተኻየደ ምርጫ ኣገዳሲ ሓያል ጉዕዞ ዝሓለፎ ምዃኑ፤ ኤርትራ፡ ኣብኡ ምእታዋ ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ደረጃ ምዕባለ ንዝርከባ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእተወ እንታይ ከም ዝመስል ዝቐረበትና ሕቶታት ዘበርሀ ዝሓበሩና ሰፊሕ መግለጺ ምእንጋድና ይዝከር። መቐጸልታኡን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*

- **ኣምባሳደር ሶፍያ፡ ድሕሪ ምርጫ፡ ናይቶም ንኤርትራ ዝመረጹ ብሓደ ወገን፡ እቶም ኤርትራ ክትምረጽ ዘይደልዩ ዝነበሩ ድማ በቲ ኻልእ ዝነበረ ግብረ-መልሲን ከኒታትን ክትገልጽልና፤**

እቲ ምርጫ ምስጢራዊ ስለ ዝኾነ፡ መን እንታይ ከም ዝመረጸ ኣይፍለጥን'ዩ። ንሱ ድማ'ዩ እቲ ቅኑዕ ብልጫ ናይ'ቲ ምርጫ፡ ከምኡ ስለ ዝነበረ መን ከም ዝመረጸካ ኣይትፈልጥን ኢኻ። ቀጽሪ ጥራይ'ዩ ዘርእየካ፡ መብዝሕትኦም ብጽቡቕ ተቐቢሎሙ፡ ብጽቡቕ ድማ መሪጾምና። ኣንጻርና ዝኸደ ብዙሕ ጉስጓስ ኣይነበረን። ካብ 183 ሃገራት 167 እየም ንዓና መሪጾም። ዝመረጹና ኹኡ ኩሎም ኣባላት ናይቲ ውድብ እየም። ኣብዚ ዘይመረጹና 19 ሃገራት እየም። ንሶም እውን ምናልባት ንገሶጓስ ዝኸውን ዕድል ስለ ዘይነበረና፡ ስለ ዘይረኸብናዮም እዮም ዘይመረጹና ክኾኑ ዝኽእሉ። ነቲ ቦታ ዝወዳደሩ ካብቲ ናይ



ኣፍሪቃ ምድብ ብወገን ዞባ ዝነበሩ ቁሩብ ገልጠምጠም ነይሩዎም። ካብዚ ሓሊፉ ግን ንዓና ዝጥቅዕ ኮነ ዝኮነ ኣንጻርና ዝተላዕለ ጉስጓስ ኣይነበረን። ብጽቡቕ ተቐቢሎም'ዮም መሪጾምና። ብጽቡቕ መሪጾምና'ውን ሰቕ ኣይበሉን፡ ንናይ ምምራጽና ደገፎም ዘለዎ፡ "እንቋዕ ኣሐጎሰኩም!" ክብሉና'ዮም ቀጽዮም።

እዚ ክብል ከለኹ ግን ከምቲ ትግንዘቡ ዘለኹም፡ ምናልባት ብዙሕ ዘሻቕል ኣይኾነ'ምበር፡ ተጻብኦ ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ግን ነይሩ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ደገ ዝነበሩ ቅድሚ ሕጂ ኣንጻርና ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝንቀሳቐሱ ጉጅለታት ዝተፈተነ'ሞ በርዒኑ ዝተረፈ እዩ። ኣብዚ ገለ "ኤርትራ ኣብ ውድብ ማዕከን ገንዘብ የላን፡ ኣብ ውድብ ባንክ ዓለም (World Bank) እውን የላን። ስለዚ፡ ከምዚ እናኾነ ከመይ ጌራ ኣብ ናይ ቤት ምኽሪ ቀጠባ ትምረጽ፧" ብምባል፡ ከተሓሕዝዎ ዝፈተኑ ነይሮም እዮም። እንተኾነ ቤት ምኽሪ ቀጠባን ማዕከን ገንዘብን (IMF)፡ ኣብ ትሕተናምበር ኣብ ልዕሊና ኣይኮኑን ዘለዉ። በዚ መሰረት፡ ንሕና ብዝበልናዮን ዝመረጽናዮን ኢና

ምስኦም ንዋሳእ'ምበር፡ ንሳቶም ኣይኮኑን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምንታይ ንዋሳእን ኣይንዋሳእን ዝምእዝዙና። ብዝዕባ ኣብ ደገ ዝነበረ ጌጋ ሓበሬታን ኣረኣእያን ኣብ ሚድያ ርኢና። ኣብ ውሽጢ ውድብ ኣብ መንጎ ሃገራት

ኣባላት ናይ'ቲ ውድብ ግን ዝጥቀስ ተጻብኦ ኣይረኣናን ክብል እኽእል።

ጸገም ዝነበረና፡ ኣብ መንጎና ኣፍሪቃውያን ባዕልና'ዩ። ዝነበረ መናብር ውሱናት ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ሰብ ድማ ስለ ዝደልየን እቲ ምኽንያቱ'ዩ። ንሕና ድማ ተመሪጽናን ኣብኡ ተዋሲእናን ስለ ዘይንፈልጥ፡ መሰልና ስለ ዝኾነ ተማጒትና ክንኣቱ ክኢልና። ምናልባት ኣቐዲምና ውጥን ወይ መደብ ጌርና ናይ ሎሚ 5 ዓመት ኣብ በሰናዩ እንተንገብር፡ ዝተኸስተ ሓድ-ሓደ ተርእዮታት ኣቐዲሙ ምተኣለየ ነይሩ። እንተኾነ ኣብ ካልእ ተጻሚድና ስለ ዝነበርና፡ ብዚዩዳ ካብ ሕጂ ንደሓር ኢና ናብ ኣሰራርሓን ስራሕን ሕቡራት ሃገራት ክንዋሳእን ኣበርኪቶ ክንገብር ድማ ንፍትንን ዘለና። ስለዚ ኤርትራ ኣብ ናይ ቤት ምኽሪ ማሕበራ-ቁጠባዊ ሕቡራት ሃገራት ካብ 193 ሃገራት ናይ 167 ሃገራት ድምጺ ብምርካብ ተመሪጻ ኣላ።

ኣብታ ካልኣይቲ ምርጫ፡ ወሰናት መናብር ስለ ዝነበራ፡ ኣብዚ ዋላ ሓንቲ ተጻብኦ ኣይትረኽብን ኢኻ። ኣብኡ ምርጫ ኣይግበርን እዩ፡ ንኹሉ'ዩ ዝቕበል። ምናልባት ወሓዶት ርእይቶ

ዘለወን ሃገራት ምስ ዝህልዋ፡ ከም ሕቶ ይቕርብ'ዩ። ኣብኡ ርእይቶ ዘለዎም ኣካላት ኢዶም ብምልዓል ድምጺ ክሓትቱ ይኽእሉ እዮም። ድምጺ እንተዘይ ተሓቲቱ ግን ኩሉ ሰብ ከም ዝመረጸካ'ዩ ዝሓልፍ። ኣብዚ ንዓና (ንኤርትራ) ዋላ ሓንቲ ኣንጻርና ዝቐነዐ ድምጺ ዝሓተተ ሰብ ኣይነበረን።

- **ኤርትራ ምኽትል ፕረዚደንት ኮይና ዝተመረጸትሉ ትካል ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብኡ ምዃንና እንታይ'ዩ ከርብሓና፤**

ኣብ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ወትሩ ኣሎና ማለት'ዩ። ኣብ ኩሉ እቲ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ዝቐርብ ጉዳያት ክንከታተል ኢና ማለት እዩ። ብፍላይ ከም ምኽትል ፕረሲደንት ናይ'ቲ ቤት ምኽሪ፡ ፕረሲደንት ኣብ ዘይህልወሉ ድማ ምስኦም ካልኦት ምኻና ተመሪጽም ዘለዉ 17 ምኽትል ፕረሲደንት ኮይና ኣኼባታት ክንመርሕን ከተኣየደን ኢና። እዚ ኮሚቴታት፡ ቀዳማይ ኮሚቴ፡ ካልኣይ ኮሚቴ፡ ናይ ፖለቲካ ኮሚቴ ወዘተ፡ ንኹለን ኮሚቴታት ኣተን ፕረሲደንት ኣለወን። ንሕና ምስ እዚኦም ብምዃን ኣጀንዳ ናይ ሎሚ ዓመት (መበል 81) ምትእኽኻብ (ሰብሰብ) ናይ'ቲ ባይቶ እንታይን ከመይን ክኸውን ኣለዎ፤ ሰዓታት ከመይ'ዩ ዝመሓደር ... ኢልና ኣብ ምሕደራ ሓፈሻዊ ባይቶ ናይ'ቲ ውድብ፡ ምስቲ ፕረሲደንት ብምዃን ክንሰርሕ ኢና።

ኩሉ ሳዕ (ኣብኡ ክትህሉ፡ ኣኼባ ክትመርሕ፡ ኣብ ኣኼባታት ወሳኒ ክትገብር፡ ወሳኒታት ክትህብ፡ ምስ ካልኦት ኳንካ ክትዋሳእ)፡ እዚ ኩሉ ክትገብር ምስ ውሱናት ሰባት ስለ ትሰርሕ፡ ኣብኡ ብዙሕ ድምጺ ክህልወካ ከምኡ ድማ፡ ብፖለቲካዊ ዓይኒ ጉሉሕ ተረኣይነት ዝህበካ እዩ። ብዘይካዚ፡ ምስኦም መሳርሕትኻ ብምዃን ንሓፈሻዊ ባይቶ ናይ'ቲ ውድብ ክትመርሖ እንከለኻ ድማ፡ ናይ መሪሕነት ቦታ እውን ይህበካ እዩ። ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም፡ ቀዋሚ ኣምባሳደር ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝነበረሉ ናይ'ቲ ኮሚሽን ምኽትል ፕረዚደንት ተመሪጹ ነይሩ እዩ። ስለዚ ህላወ ኤርትራ ኣብዚ ስራሕ እዚኣ ንኻልኣይ ግዜኣ እዩ። ኣብ ናይ ቤት ምኽሪ ማሕበራ-ቁጠባዊ ናይ'ቲ ውድብ ኢና ሓያሳቲ ኳንና ተመሪጽና ዘለና። ስለዚ፡ ኣብዛ ናይ ምኽትል ፕረዚደንት ምርጫና፡ ጸቡቕ ዕድላት ስለ ዘለና፡ "እቲ ባይቶ ከመይ ይኸይድ፤ ኣጀንዳታት ከመይ ይመጽእ፤ ብዓል መን እዮም ዝመርሕዎ፤ እንታይን እንታይን ትሕዝቶ ኣለዎ፧" እቲ ተልእኾ

ክንፈልጦን ብዝዮፍእ ክንመሃርን ንዓና ጸቡቕ'ዩ።

ስለዚ፡ ምኽትል ፕረሲደንት ምዃን ከም ስራሕ፡ ብዙሕ ዝኸብድ ኣይኮነን። መጸእኻ ነቲ ኣኼባ ምምራሕ እዩ። ኣብኡ ናይ'ቲ ባይቶ ሰክረተርያት፡ ፕረሲደንት ምስ ኣባላቱን ኩሎም ሰታፉቱን ስለ ዘለዉ፡ ከም ተሓጋጋዚ ኢኻ ትቐርብ። ፕረሲደንት ኣብ ዘይህልወሉ ድማ ክብ ኢለ'ውን ዝጠቐስክዎ ንዝተፈጸሙ ኣኼባታት ትሰርሕ። ብኡ ኣቢልካ ድማ ምርጫታት ደዩ ወይ ናይ ዝተፈላለየ ዘተ ደዩ ዝካየድ ወዘተ ኣብቲ ባይቶ ዝግበር ስርሓት ብምሉኡ ክትፈልጦ ትኽእል። ስለዚ፡ ባይቶ ንጥፈታቱ ኣብ ዘሰላስለሉ ግዜ፡ ንሕና ኣብኡ መዝገብ ስለ ዘለና፡ ከም ማጠን ምኽትል ፕረሲደንት ኩሉ ሳዕ ምስቲ ፕረሲደንት ኣብኡ ኣለና።

- **ኣምባሳደር ሶፍያ፡ እቲ ስራሕ ምስ ተጀመረ ከመይ ይኸይድ ኣሎ፤ ኣብ ዝቐጽል ደገምና መብርሂ ንምርካብ ክንራኸብ ንኽእል። ንሕጂ ግን ኣብ መወዳእታ ክወሰኽ ኣሎዎ እትብልዮ ሓሳብ እንተሎ እቲ ዕድል ንዓኺ፤**

ሚኒስትሪ ዜና፡ ንእንግዞ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ናብ ህዝብና ንምብጻሕ ዝገብሮ ስራሕ ክየማስገንኩ ክሓልፍ ኣይደልን'የ። ከምቲ ዝጠቐስክዎ ሕጂ ንቀራረብ ኢና ዘለና። እቲ ስራሕ ብወግዒ ምስ ኣተናዮ ድማ ክንርእዮ ኢና። ኣብልጽናን ስራሕና ኣብ ክልተኣን ንጥፈት ናይ'ቲ ውድብ ካብ ጥሪ 2027 እዩ ክጅምር። ክሳብ ሽዑ ግን "እንታይ ከምዝድልየና፡ እንታይ ክንቕርብ ኣለና፧" ብሕጂ ኢና ክንፈልጥ። እዚ ሓላፍነት፡ ኣብ መወዳእታ ኣገልግሎት ምሃብ እዩ፡ ብጽቡቕ መንፈስ ድማ ተቐቢልናዮ ኣለና። ስለዚ ሓደሽ




ተመክሮን ሓደሽ ስራሕን ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንተሳታፍነትና ኣብ'ቲ ውድብ ዘዕበን ስም ኤርትራ ዘርኽብን ንምግባር ክንሰርሕ፡ ብኡ ኣቢልና ኻእ ተመክሮታት ክንድልብ ብምሕሳብ ልዑል ምድላዋት ጌርና ኣለና።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ናይ መድረኽ ድራማ "ዘሰርር ኣይመስልን" |
| 14:35 | ሄራር |
| 15:10 | ፓኖራማ |
| 15:40 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሴላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናይ መድረኽ ድራማ ኣብ ሲነማ ሮማ |
| 19:15 | መቖዥብ ታሪኽና (መትኒ ሰውራ) |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፊንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኢቦላ ናብ ፈረንሳ ኣትዩ




ኣብ ፈረንሳ ናይ ፈለማ መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ከም ዝተመዝገበ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ ኣብ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ካብ ሰብኣዊ ተልእኾ ዝተመልሰ ሓደ ፈረንሳዊ ዶክተር በቲ ሕማም ተለኺፉ እንከሎ ናብ ሃገሩ ድሕሪ ምእታዉ እዩ።

ይኹንምበር እቲ ዶክተር ብቐልጡፍ ድሕሪ ምውሻቡ፡ ኣብ ዝተረጋገጸ ኩነታት ከም ዝርከብ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ፈረንሳ ሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ እቲ ቫይረስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፈረንሳ ዘስዕቦ ሓደጋ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘውጾ መግለጺ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ፡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይታ ሃገር ምስቲ ዶክተር ርክብ ዝጸንሖም ሰባት ንምድላይ ይሰርሑ ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

ሕማም ኢቦላ ካብ ወሰናት ሃገራት ኣፍሪቃ ወጻኢ ኣብ ኤውሮጳ ክኸሰት እዚ ናይ ፈለማ ምዃኑ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓደ ኣመሪካዊ ዶክተር ኣብ ኮንጎ ኣብ ዝበረሉ እዋን በቲ ቫይረስ ከም ዝተለኽፈን ኣብ ጀርመን ብዝተኻየደሉ ሕክምናዊ ክንክን ግን ኩሓዊ ከም ዝኸኣለ የረድኡ።

ኣብታ ናይ ፈለማ መልከፍቲ ኢቦላ ዝተመዝገበላ ኮንጎ፡ ልዕሊ 260 ሰባት ብኢቦላ ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ ሽሕ ሰባት ድማ በቲ ቫይረስ ተለኺፎም ኣለዉ።

ኮንጎ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንመጀመርታ ግዜ መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ከም ዝረኸበት እኳ እንተ ሓበረት፡ እቲ ቫይረስ ግን ኣቐዲሙ ኣብታ ሃገር ክዘዋወር ከም ዝጸንሐ እያም ገለ ክኢላታት ዝገልጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጎረቤት ኮንጎ ኣብ ዝኾነት ኡጋንዳ እውን 20 ሓደሽ መልከፍቲ ኢቦላ ከም ዝተመዝገበን ክልተ ሞት ድማ ከም ዘጋጠመን ውድብ ጥዕና ዓለም ሓቢሩ።

## ማርኮ ሩቢዮ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዑደት የካይድ

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝጀመሮ ዑደት ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ምስ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተራኺቡ ብጉዳይ ናይ'ቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣመሪካን ኢራንን ኣመልኪቱ ከም ዝዘተየ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን፡ ድሕሪ እስላማዊ ሰውራ ኢራን 1979 ብፕረዚደንት ኣመሪካን ኢራንን ዝተኸተመ ናይ መጀመርታ ስምምዕ ኮይኑ፡ ኢራን 300 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ገንዘብ ክወሃባ ኣብ ልዕሊኣ ጸኒዑ ዘሎ ገለ እገዳታት ድማ ክለዓልላ ኣለዎ ዝብል ነጥብታት ዘጠቓልል እዩ።

ማርኮ ሩብዮ፡ ናይ ሰለስተ መዓልታት ዑደት ንምኪያድ እዩ ትማሊ ሰሉስ ኢጋ ምሸት ናብ ኣቡ ዳቢ - ርእሲ ከተማ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣትዩ።

ሩብዮ ናብ ኢማራት ዓረብ ድሕሪ ምእታው፡ ምስ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ሸኽ መሓመድ ቢን ዛይድ፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ሸኽ ታህኑን ቢን ዛይድ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሸኽ ዓብደላ ቢን ዛይድን ካልኦት ላዕለዎት ሰበ ስልጣንን ርክብ ኣካይዱ።



ኢራን መጥቃዕቲ ካብ ዝፈጸመትለን ገለ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ እቲ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን፡ ምስ'ቲ ኢራን ኣብ ልዕሊኣን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ዝመጣጠን ከም ዘይኮነ ብምሕባር፡ ኣብ'ቲ ስምምዕ ዘለወን ዘይዕግበት ይገልጻ ከም ዘለዋ እየን ጸብጻባት ዘመልክታ።

## ሊባኖስ - ዘላቕነት ምቍራጽ ተኹሲ ንምርግጋጽ ጻዕርታት ይካየድ



ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ተጀሚሩ ዘሎ ምቍራጽ ተኹሲ ውሑስ ንምግባር ጻዕርታት ይካየድ ከም ዘሎ፡ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ጆሴፍ ዓውን ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘውጾ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ምቍራጽ ተኹሲ ውሑስ ምስ ኮነ፡ ምውጻእ ሓይልታት እስራኤል ካብ ዝሓዘቶም ከባቢታት፡ ምውፋር ሰራዊት ሊባኖስ፡ ምምላስ ተመዛበልቲ፡ ምፍታሕ እሱራትን ምጅማር ዳግመ ህንጻትን ካልኦት መሰረታትን ክቕጽሉ ምዃኖም፡ እቲ ፕረዚደንት ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ዝገለጸ ኑቲ ኣብ ሊባኖስ ዑደት ዘካይድ ዘሎ ልኡኽ ፓርላማ ብሪጣንያ ኣብ ቤተ መንግስቲ ባብዳ ተቐቢሉ ድሕሪ ምዝርራቡ እዩ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ኣብ ዋሽንግተን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዝርርብ ሊባኖስ፡ ኣመሪካን እስራኤልን፡ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ምርግጋጽ ንምፍጣርን ስልጣን መንግስቲ ናብ'ቲ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ደቡባዊ ክፋል ናይታ ሃገር ንምዝርጋሕን ዘጠቓልል ዝተፈላለየ ጉዳያት ይዝተየሉ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

እቲ ፕረዚደንት ንርክብ ሊባኖስን ሶርያን ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጾ ሓበሬታ ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ምውህሃድ ቀጻሊ ምዃኑ ኣረዲኡ።

## ኩባ፡ ንእገዳታት ኣመሪካ ኮኒናቶ

መንግስቲ ኩባ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሓሙሽተ መንግስታዊ ትካላት ሃገሩን ኣባላት ስድራ ቤት ፕረዚደንት ኩባ ነበር ራውል ካስትሮን ዝዘርግሖ ዳሕረዋይ እገዳ ብምኹናን፡ እቲ ስጉምትታት ንቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ዝያዳ ንምህሳይ ዝዓለመ ምዃኑ ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኩባ ብሩኖ ሮድሪገዝ ኑቲ ኣመሪካ ዝወሰኖ እገዳ ኣመልኪቱ ብኤክስ ኣብ ዘውጾ መግለጺ፡ "እቲ ብቐንዱ ዘይብሉን ሓሳውን ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ማርኮ ሩብዮ ዝምርሖ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኣብ ዙርያ ቁጠባ ኩባ ንዘጸንሖ መሸንቆቒ ዝያዳ ንምጽናዕ ይሰርሕ ኣሎ" ኢሉ።



እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ "እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መትከበሮኡን ዝፍጸም ዘሎ ርህራህ ዘይብሉ መጥቃዕትን ሓበራዊ መቕጻዕትን ካብ'ቲ ዝተሓሰበሉ ንላዕሊ ሓያል፡ ዝያዳ ዓቕምን ኣድማዕነትን ዘለዋ ሃገር ምዃና ኣብ ዘመስከረትሉ እዋን'ዩ ተወሲኑ" ድሕሪ ምባል፡ ሩብዮ ነታ ሓንቲ ካብ ሓያላን ሃገራት ዓለምና ዝኾነት ኣመሪካ ናብ ገበን ይደፍኣ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ እገዳ ንሓሙሽተ መንግስታዊ ትካላት ኩባ ዓላማ ዝገበረ ኮይኑ፡ ካብዚኦም እቶም ሰለስተ ምስ'ቶም ብሓይልታት ምክልኻል ኩባ ዝውሃቡን ዝመሓደሩን ትካላት ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ክልተ ድማ ምስ ጸጥታት ዕደና ዝተኣሳሰሩ ምዃኖም፡ ብክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ትማሊ ሰሉስ ዝዘርገሐ ሓበሬታ የመልክት።

## ምዕራብ ኤውሮጳ - ብምሒር ዋዒ ሓያሎ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ተኸሲቱ ብዘሎ ክብረ ወሰን ዝሓለፈ መጠን ዋዒ፡ ትማሊ ረቡዕ ጥራይ ሓያሎ ሰባት ከም ዝሞቱን፡ ኣብያተ ትምህርቲን መስመራት መጓዓዝያ ባቡርን ድማ ከም ዝተዓጽዋን ተሓቢሩ።

ብዘይካዚ፡ በቲ ሓያል ማዕበላዊ ሙቐት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝጠፍኣን፡ ሓረስቶት ብሌይቲ እኽሊ ክዓጽዱ ይግደዱ ከም ዘለዉን ተገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ መጠን ሙቐት ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ከተማ ፒሪስ 44.3 ዲግሪ ሴንቲግሬድ በጺሑ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ኢጣልያ ብወገኑ፡ ፍሎረንስ፡ ሚላኖ፡ ሮማ፡ ቱሪንን ቨሮናን ኣብ ዝርከባአን 16 ከተማታት ልዑል መጠን ሙቐት ክምዝገብ ከም ዝኽእል ዘመልክት መጠንቀቕታ ኣውጺኡ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ፈረንሳ፡ ብዙሓት ዜጋታት ካብ'ቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ዋዒ ዕረፍቲ ንምርካብ ክሕንብሱ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ብውሕዱ 48 ሰባት ጥሒሎም ክሞቱ እንከለዉ፡ ክልተ ህጻናት ድማ ኣብ ውሽጢ መኪና ከለዉ ብሰንኪ ሙቐት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

ኣብ'ታ ካብ መወዳእታ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ልዕሊ 40 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሐ ልዑል ሙቐት ኣጋጢምዋ ዘሎ ስጳኛ እውን ክልተ ኣረጋውያን ብሰንኪ ምሒር ዋዒ ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 25/06/2026 | ጎደና ማ.ት.ኣ -176 ቁ.25፡ ኣብ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565